ኣብብሄራዊክልላዊመንግስቲትግራይ
ቤትፅሕፈትፕረዚደንትላዕለዋይቤትፍርዲ
THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAI
PRESIDENT OFFICE OF THE SUPREME COURT

ቁፅሪ 01/ፕሬ/262/16
Ref.no

ዕለት 02/07/2016
date

ናብ ኩለን መጋባእያታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

ናይ --------------------------------------------------- ብፅሒት

ናብ ኩለን ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ

ናይ --------------------------------------------------- ብፅሒት

ኣብ ዘለውኡ ፣

## ዋኒኑ፡- ዝተመሓየሸ መምርሒ ምልኣኽ ይምልከት

ኣብ ዋኒኑ ከም ዝተሓበረ ዝተመሓየሸ ግዚያዊ መምርሒ ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳያኑ ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤ ቑፅሪ 2/2016 13 ገፅ ዝሓዘ በዚ መስነይታ ደብዳበ ዝለኣኽና ምዃንና ንገልፅ ።

" ምስ ሰላምታ "

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

**ቅዳሕ**

- ንቤት ፅሕፈት ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ፣
  መቐለ

TEL 0344-411204,0344-404312 POBOX 328 FAX 0344- 404301
መቐለትግራይኢትዮጵያ

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ

ዝተመሓየሸ ግዝያዊ መምርሒ ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳያኑ ፣ ሬጅስትራራት ፣ ተሸየምቲ ጉባኤ ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈትን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2016

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

መጋቢት 2016 ዓ/ም

<u>መቐለ</u>

# <u>መእተዊ</u>

ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ንዝተኸፈተ ኲናት ንምምካት ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ሰራሕተኛ መንግስቲ እዉን ሓዊሱ ኣብ መኸተ ተሰሊፎም ኣብ ከቢድ ፀገም ከም ዝፀንሑ ዝፍለጥ እዩ። ነዚ ብሰላማውን ብዘላቕን ብሕገ መንግስቲ መንገዲ ንምፍታሕ መንግስቲ ኢትዮጵያን መሪሕነት መንግስቲ ትግራይን ኣብ ምርድዳእ በፂሖም ስምምዕነት ፕሪቶርያን ናይሮቢን ተፈራሪሞም እዮም። በቲ ብዘላቕነት ተኹሲ ጠጠው ናይ ምባል ስምምዕነት መሰረት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ናብ ንቡር ስርሐን ክምለሳ መምርሒ ስለዘውረደን ሕዚ ናብ ስሩዕ ስራሕ ንምምላስ መሰጋገሪ መምርሒ ምውፃእ ኣድላይ ስለዝኾነ፣

ቤት ፍርዲ ድማ ከም ሓደ ናይ መንግስቲ ኣካል ብሙሉእነት ናብ ንቡር ስራሕ ክምለስ ኣብ ምስራሕ ስለዝርከብ ኣብ መኸተ /ግንባርን ደጀንን/፣ ካብ ስራሕ ቦታ ተመዛቢሎም ምስ ስድርኦም ወይ ከዓ ኣብ መዕቆቢ ተመዛቢልቲ ዝርከቡን ኣብ ትምህርቲ ዝፀንሑን ናብ ንቡር ስርሖም ክምለሱ ንምግባርን ኣብ ስራሕ ኣብ ዝምለሰሉ እዋን ውፅኢታውን ፍትሓውን ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራን ምዝርጋሕ ዘለዎ እጃም ብምግንዛብ

ብካልእ መዳይ ድማ ምስቲ ዘለናዮ ኩነታት ተታሓሒዙ ዝተወሰኑ ውሳነታትን ዝተወሰዱ ስጉምቲታትን ሰለ ዘለዉ ክለዓል ዝኽእል ሕቶ ሕጋዊ መልሲ ምሃብ ፣ ኣብ አወሃህባ ግልጋሎት ቤት ፍርዲ ማሕንቆ ዝተብሃሉ መፍትሒ ምቕማጥ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኸበ ፣

ብመሰረት ኣወዳድባ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምዉሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ-333/2012 ዓንቀፅ 25 መሰረት እዚ ዝተመሓየሸ ግዝያዊ መምርሒ ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳያኑ ፣ሬጅስትራራት፣ ተሸየምቲ ጉባኤን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈትን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ2/2016 ዓ/ም ተዳልዩ ኣሎ።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ ፩- ሓጺር ርእሲ**

እዚ "መምርሒ ዝተመሓየሸ ጊዝያዊ መምርሒ"ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራት፣ ተሸየምቲ ጉባኤን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈትን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2016 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቐስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ ፪- ትርጉም**

ኣገላልፃ እቲ ቃል ካልእ ትርጉም ዘዉህብ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ መምርሒ

**ቤት ፍርዲ፡-** ማለት ወረዳ፣ማእኸላይን ላዕለዋይን ኣብያተ- ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

**ፕሬዝደንት፡-** ማለት ፕሬዝደንትን ምክ/ፕሬዝደንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ፕሬዝደንትን ምክ/ፕሬዝደንትን ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲን ፕሬዝደንት ወረዳ ኣብያተ ፍርዲን ዘካትት እዩ።

**ኣዋጅ ፡-** ማለት ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምዉሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ -333/2012 እዩ።

**ደንቢ፡-** ማለት ተመሓይሹ ዝወፀ መተሓዳደሪ ደንቢ ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ…./2012 እዩ።

**ዳይና፡-** ማለት ብጉባኤ ተሓርዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብዳይነት ንኽሰርሕ ብቤት ምኽሪ ሽመቱ ዝፀደቐሉ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

**ሕፁይ ዳይና ፡-** ማለት ብጉባኤ ንዳይነት ተሓርዩ ብቤት ምኽሪ ክሳብ ዝሸየም ብግዝያውነት ኣብ ቤት ፍርዲ ተመዲቡ ብሓገዝ ዝሰርሕ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

**ሬጅስትራር፡-** ማለት ብጉባኤ ተሓርዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብሬጅስትራርነት ንኽሰርሕ ብቤት ምኽሪ ሽመቱ ዝፀደቐሉ በዓል ሞያ ማሕበራዊ ሳይንስ እዩ።

**ሕፁይ ሬጅስትራር ፡-** ማለት ብቕዓቱ ብጉባኤ ተኣሚኑሉ ብቤት ምኽሪ ክሳብ ዝሸየም ኣብ ቤት ፍርዲ ብስራሕ ሬጅስትራርነት ተመዲቡ ዝሰርሕ በዓል ሞያ ማሕበራዊ ሳይንስ ወይ ምሩቕ ሕጊ እዩ።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

**ምግዳል፡-** ማለት ክልልና ገጢምዋ ኣብ ዝነበረ ኲናትን ወራርን ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተጠርኒፉ ንሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምዉሓስ ዝተፈፀመ ግቡእ ወይ ግልጋሎት እዩ።

**ተጋዳላይ ፡-** ማለት ኣብ ክልልና ድሕሪ ጥቅምቲ 24/2013 ዓ/ም ዝተፈፀመ ወራር ንምምካት ናብ ሰራዊት ትግራይ ተጠርኒፉ ኣብ ምግዳል ግቡእ እናፈፀመ ፀኒሑ ብሕጋዊ ስንብት ዝተመለሰ፣ ወይ ናብ ካልእ ስራሕ ዝተደልደለ ወይ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ዝርከብ እዩ።

**ደጀን ፡-** ማለት ክልልና ገጢምዋ ኣብ ዝነበረ ኲናትን ወራርን ኣብ ዉሽጢ ፀላኢን ሓራ ኣብ ዝወፃን ከባቢታት ምስ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ተኣሳሲሩ ንህልዉናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኢሉ ግቡእ ዝፍፀመሉ ከባቢ እዩ።

**መኸተ ፡-** ማለት ትግራይ ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 24/2013 ዓ/ም ጀሚሩ ብዝነበረ ወራር ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምዉሓስ ኣብ ግንባርን ደጀንን ዝተፈፀመ ኣስተዋፅኦ ኮይኑ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝተዉሃበ ግልጋሎት ዝሓዉስ እዩ።

**ከቢድ ጉድኣት፡-** ማለት ብኲናት ወይ ተፈጥሮኣዊ ኩነታት ዓይኑ፣ እዝኑ፣ እግሩን ኢዱን ዝሰኣነን ምስዚ ተመሳሳሊነት ዘለዎም ካልኦት ጉድኣታት ዝበፅሖን ኮይኑ ብሓጋዚ ሰራሕተኛ ዝሰርሕ ወይ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ስሩዕ ስራሕ ክሰርሕ ዘይኽእል ምዃኑ ብመረዳእታ ሕክምና ዝተረጋገፀ ።

**ቀሊል ጉድኣት፡-** ማለት ኣብ ዝኾነ ይኹን ብኲናት ወይ ብተፈጥሮኣዊ ኩነታት ኣካሉ ጉድኣት በጺሕዎ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ስሩዕ ስራሕ ክሰርሕ ከም ዘይኽእል ብመረዳእታ ሕክምና ዝተረጋገፀ እዩ።

**መረዳእታ ሕክምና፡-** ማለት ኣብዚ ክልል ወይ ኣብ ዉሽጢ ዓዲ ወይ ኣብ ወፃኢ ዓዲ ኣግባብ ካብ ዘለዎ ወይ ሕጋዊ ፍቓድ ካብ ዘለዎ መንግስታዉን ዘይመንግስታዉን ትካል ጥዕና ዝዉሃብ ወይ ትኽክል ምዃኑ ኣግባብ ካብ ዘለዎ ትካል ጥዕና መረጋገፂ መረዳእታ ዝረጋገፅ ወይ ብዛዕባ ጥዕናን ፍቓድ ሕማምን ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝወሃብ መረዳእታ እዩ።

**ጥኞማ ጥኞሚ፡-** ማለት ብሕጊ ተፈልዩ ንዳያኑ፣ ሬጅስትራራት፣ ተሸየምቲ ጉባኤን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈትን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ብመሰረት መምርሒ መሃያን ጥኞማ ጥኞሚን ቁፅሪ 19/2012 ዝወሃብ ጥኞማ ጥኞሚ እዩ።

**ስራሕ ልምዲ፡-** ማለት ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎም ዉልቀ፣ መንግስታዊ፣ መንግስታዊ ዘይኮኑን ዓለም-ለኻዊ ትካላትን ዉሽጢ ተቖፂሩ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ በቢ ወርሑ መሃያ እናተኸፈሎ ብመስረሓይ ትካል ኣብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓት እናሰርሐ መሃያ ከም ዝኽፈሎ ዝገልፅ መረዳእታ ማለት እዩ። ኮይኑ ግና ነዚ እዋን ካብ ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ኣብ ግንባርን ደጀንን ናይ ዝፀንሕሉ እዋን ዝገልፅ ዝኾነ መረዳእታ እንተቐሪቡ ከም ስራሕ ልምዲ ይተሓዝ።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

**ዓንቀፅ ፫- <u>ኣገላልፃ ፆታ</u>**

ኣብዚ መምርሒ ብሓዲኡ ፆታ ዝተገለፀ ነቲ ካልእ ፆታ እውን ዝምልከት እዩ።

**ዓንቀፅ ፬- <u>ወሰን ተፈፃምነት</u>**

እዚ መምርሒ ኣብ ልዕሊ፡- ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤ፣ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ተፈፃሚ ይኸውን፣

**ዓንቀፅ ፭- <u>ዕላማ እዚ መምርሒ</u>**

1/ ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ኲናት ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምዉሓስ ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ክሳተፍ ዝፀንሐ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ዘድሊ ኣፍልጦ ንምሃብ፣

2/ ኣብ ግዜ ኲናት ዝተወሰኑ ዉሳነታት፣ ዝተፈፀሙ ሓላፍ ዘላፋትን ከምኡ እዉን ዘጋጠሙ ፀገማትን መስተኻኸሊ ስጉምቲታት ንምዉሳድ፣

3/ ኣብ ምርግጋፅ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ግደ ኣብያተ ፍርዲ ዝዓዘዘ ስለዝኾነ ከም ኣካል መንግስቲ ድማ ዘድሊ ህዝባዊ ግልጋሎት ንምሃብ ምችዉ ናይ ስራሕ ሃዋህዉ ንምፍጣር ቅድመ ምድላዋትን ምዉጋንን ናብ ስሩዕ ኣወሃህባ ግልጋሎት ንምእታዉን እዩ።

**ዓንቀፅ ፮- <u>መትከላት</u>**

1/ እዚ መምርሒ ኣፈፃፅምኡ ኣብ ግልፅነት፣ ማዕርነት፣ ተገማታይነት፡ ስርዓት ዉድድርን ዝተመስረተ ኮይኑ ምትብባዕ ዘድልዮ ብምትብባዕን ንዝተፈጠረ ናይ ስነ-ልቦና ጉድኣት ብዘከሓሕስን መንገዲ ይፍፀም።

2/ ቤት ፍርዲ ሓቛፉይ መንገዲ ተኸቲሉ ስራሕን ሰራሕተኛን ኣራኺቡ መንፈስ መገልገላይነት ብዝፈጥር ይኸውን።

3/ ኣብዚ መምርሒ ዝተቐመጡ መሰላትን ግቡኣትን ክልልና ሐዚ ዘላቶ ነባራዊ ኩነታትን ትፅቢት ዝግበረሉ ኣወሃህባ ግልጋሎትን ኣብ ግምት ብዘእተወ መልክዑ ዝትግበር ይኸዉን።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

## ክፍሊ-ክልተ

## ካብ ምግዳል፣ደጀንን ካልኦት ቦታታትን ናብ ስራሕ ምምላስ

**ዓንቀፅ ፲- ካብ መኸተ ናብ ንቡር ስራሕ ምምላስ**

ኣብ ምግዳል ዝነበረ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ከምኡ እውን ካብ ኣብያተ ፍርዲ ወፃኢ ኣብ ደጀን ስራሕቲ ዝተዋፈረን ናብ ስሩፅ ስራሕ ክምለስ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፩- ብዝተፈላላለየ ምኽንያት ካብ ስሩፅ ስራሕ ተፈልዩ ዝፀንሐ ምምላስ**

ኣብዚ ሰለስተ ዓመት ኲናት ትግራይ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ካብ ስራሕ ቤት ፍርዲ ተፈልዩ ዝፀንሐ ናብ ስርሑ ዝምለስ ኮይኑ-

1/ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብፍቓድ፣ ብስልጠና፣ ብሕክምና፣ ብናይ ቤት ፍርዲ ስራሕ፣ ወይ ብካልእ ስራሕ ኣጋጣሚ ካብ ትግራይ ወፂኡ ከይተመለሰ ፀኒሑ መንገዲ ምስ ተኸፈተ ንዝመፀ፣ ወይ በቢ ብርኩ ብዝርከብ ፕሬዝደንት ዝረጋገፀ ካልእ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ትግራይ ወፂኡ ዝተዓፀወ እንተኾይኑ ኩሉ ነገር ብምፅራይ ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ናብ ዝነበሮ ስራሕ ቦታ ብምምዳብ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ዝኽፈሎ ይኹን፣ ልምዲ ስራሕ እውን ክተሓዘሉ ይግበር።

2/ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብፍቓድ በቢ ብርኩ ዝርከብ ፕሬዝደንት ወይ ብኲናትን ወራርን ምኽንያት ኣብ ስራሕ ዘይነበረ፣ ወይ ብምኽንያት ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ፀገማት ሂወት ባዕሉ ወይ ስድርኡ ንምድሓን ናብ ቤተ-ሰቡ ዝርከብሉ ከባቢ ተፀጊዑ ፀኒሑ ንዝመፀ ናብ ስራሕ ክምለስ ይግበር። ልምዲ ስራሕ ይተሓዘሉ፣ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝነበረ ይኽፈሎ።

3/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ ሀን ለን ዝተጠቐሰ ከም ዘሎ ኮይኑ ካብ 08 ጥቅምቲ 2014 ዓ/ም ክሳብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ብዘይ ብቑፅ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ኣብ ስርሑ ዘይተረኽበ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን እንተኾይኑ በቢ ብርኩ ብዝርከቡ ኣመራርሓ ካብ መሃይኡ ናይ ሓደ ወርሒ መሃያ ተቖሪፅም፣ ቅድሚ ሚያዝያ 1/2015 ዓ/ም ዝነበረ ብዘይ ብቑፅ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ካብ ስራሕ ምትራፍ ካብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ/ም ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ እውን እንተቐፂሉ ድማ ናይ ክልተ ወርሒ መሃይኡ ተቖሪፅም ናብ ስርሑ ክምለስ ይግበር ። ካብ መስከረም 8/2014 ዓ/ም ክሳብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ብዘይብቑፅ ምኽንያት ካብ ስራሕ ከይተረፈ ፀኒሑ ካብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ/ም ክሳብ



ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

28 መስከረም 2016 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ጥራሕ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ካብ ስራሕ እንተተረፉ ድማ ናይ ሓደ ወርሒ መሃያ ተቖሪፅዎ ናብ ስርሑ ይምለስ።

4/ ካብ ሕዳር 2013 ክሳብ ሰነ 2013 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ምስ ዝነበረ ግዝያዊ ምምሕዳር ሽመት፣ ምደባን ካልኦት ምስ ሓላፍነት ዝተሓሓዙ ስራሕቲን ዝተቐበሉ ዳያኑ፣ ሬጅስትራራት ተሸየምቲ ጉባኤን ናይ ገበን ይኹን ኽሲ ጉድለት ስነ-ምግባር ክሲ ይቕረበሎም ኣይቕረበሎም ብዘየገድስ ኣቐዲሙ ናብ ዝነበሮም ሞያዊ ስርሖም ወይ ሓላፍነቶም ክምለሱ ይግበር።

5/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ /4/ ዝተጠቐሰ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ዝምልከት በቲ ዝነበሮ ሓላፍነት ክረኽብ ዝኽእል መሃያን ጥቕማጥቕምን ዝኽፈሎ ይግበር።

6/ ዝኾነ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ተራ ገበን ፈፂሙ ተባሂሉ ዝተኸሰሰ ብብርኪ ክልል ዝወፀ ናይ ምሕረት መምርሒ ዝሸፈን እንተኾይኑ ጉድለት ስነ-ምግባር ክሲ ክቐርበሉ ኣይግባእን፣ ቀሪቡሉ እንተነይሩ ድማ ክቋረፅ ይግበር። ኣብቲ መምርሒ ምሕረት ዘይሸፈን እንተኾይኑ ድማ ጉድለት ስነ-ምግባር ክሲ ዝምልከት ብጉባኤ ተራእዩ መፅለቢ ክረክብ ይግበር።

<u>ዓንቀፅ ፱፡- ናብ ስራሕ መምለሲ እዋን</u>

1/ ንስምምዕነት ተኹሲ ብዘላቕነት ጠጠው ምባል ስዒቡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብዝገበሮ መፀዋዕታ ኩሉ ዳይና፣ ሬጂስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ናብ ስርሑ ክምለስ ዝግበኦ ኮይኑ ብድሕሪ መስከረም 28/2016 ዓ/ም ንዝህሉ ከይዲ ብስሩዕ ሕጊ ዝምራሕን ዝዳነን ይኸውን።

2/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ዝተገለፀ ናብ ስራሕ መምለሲ ግዜ ኣብ ግንባር ንዝነበረ ተጋዳላይ እንተኾይኑ ስንብት ካብ ዝተወሃበሉ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲታት ሪፖርት ናይ ምግባር ግቡእ ተገይሩ ዝሕሰብ ይኸውን።

3/ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ግንባር ስራሕቲ ተዋፊሩ እናሰርሐ ዝርከብ ብናይ መንግስቲ ዉሳነ ቐልጢፉ ናብ ስራሕ ዝመፀሉ ኩነታት እንተዘይሃልዩ ነቲ ንሱ ዝሰርሖ ስራሕ ብካልኦት ክሽፈን እንዳ ተገበረ ነቲ ስራሕተኛ ዝግበኦ ረብሓ ክረክብ ይግበር።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

ዓንቀፅ -፲፡-ናብ ስሩዕ ስራሕ ዝምለስ ዝግበረሉ መተባብዒ

/፩/ ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ተዋፊሩ ዝፀንሐ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ናብ ስራሕ እንትምለስ-

ሀ/ ኣብ ምግዳል ፀኒሑ ግቡኡ ወዲኡ መሰነይታ ደብዳቤ ክህብ ካብ ዝኽእል ኣካል ስንብት ሒዙ ናብ ስራሕ እንትምለስ ሒዝዎ ናብ ዝነበረ ስራሕ መደብ ክምለስ ብምግባር፣ ወይ ተጋዳላይ ምዃኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መረዳእታ እንተቕርብ ፤ብመተባብዒ ኣብ ዝነበሮ መሃያ ንጎኒ 2ተ ብርኪ ስርርዕ ስራሕ ይውሰኾ።

ለ/ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /፩/ ኣብ ዝግበር ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ንዝበፅሐ ወይ ብርኪ ስርርዕ ዘይጥምቶ ስራሕ መደብ እንተኾይኑ ድማ ብመሰረት መምርሒ ጥቕማ ጥቕሚ 19/2012 ኣብ ልዕሊ ዝነበሮ ዘይተዓረየ መሃያ ናይ ብርኪ 8 /ሸሞንተ/ ን 9 /ትሽዓንተ/ ን ብርኪ ስርርዓት ዝጠልብዎ መጠን ክፍሊት ምስ ሐዚ ዝረኽቦ መሃይኡ ተወሲኹ ክኽፈል ብምግባር ወይ ድማ ባጀት ኣብ ዝተረኸበሉ ዝኽፈል ናይ ክልተ ወርሒ ዘይተዓረየ መሃይኡ ክኽፈል ብምግባር ይበረታታዕ።

ሐ/ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ፩ /ሀ ,ለ/ ኣብ ምግዳል እናሃለወ መተባብዒ ተዋሂብዎ ብዘይ ስሩዕ መንገዲ ካብ ምግዳል እትተሰሰናቢቱ ካብ ምግዳል ብዘይ ስሩዕ መንገዲ ካብ ዝተሰናበተሉ ግዜ ጀሚሩ ተዋሂብዎ ዝነበረ መተባብዒ ሽዑ ንሹዑ ይለዓል።

መ/ ካብ ምግዳል ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዘቋረፀ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ናብ ዝነበሮ መደብ ስራሕ ክምለስ ብምግባር ካልኦት መተባብዕታት ድማ ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ተጠቃሚ ይኸውን።

/፪/ ብስሩዕ ሕጊ ብምኽንያት ኣገልግሎት ዝወሃብ ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ከም ዘሎ ኮይኑ ካብ ዓቕሚ ንዓቐብ ብዝኾነ ምኽንያት ዝተቋረፀ ስራሕቲ ሕልዋት ኮይኖም በቢ.ብርኩ ብዝርከብ ኣመራርሓ ቤት ፍርዲ ዝውስን ላዕ/ቤት ፍርዲ ብዝገበሮ ናይ ስራሕ ፃውዒት መሰረት ብዘይምቁርራፅ ካብ 08 መስከረም 2014 ዓ/ም ክሳብ ጥቅምቲ 23/2015 ዓ/ም ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ዳይና ፣ሬጅስትራርን፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ምትብባዕ ዝምልከት፡

ሀ/ ኣብ ስራሕ ዝፀንሑ እዋን ኣካል ቃልሲ ተገይሩ ዝሕሰብ ኮይኑ በቢ.ብርኩ ብዝርከብ ፕሬዝደንት እናተረጋገፀ 1 /ሓደ/ ብርኪ ስርርዕ ንጎኒ መተባብዒ ተወሲኽዎ ስርሑ ክቕፅል ይግባእ።

ለ/ በዚ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል /ሀ/ ዝግበር ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ኣብ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ንዝበፅሐ ወይ ብርኪ ስርርዕ ዘይጥምቶ ስራሕ መደብ እንተኾይኑ ድማ ብመሰረት መምርሒ ጥቕማ



ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

ጥቕሚ 19/2012 ናይ ብርኪ ስርርዕ 9 /ትሽዓተ/ ዝጠልቦ መጠን ተወሳኺ ክፍሊት ምስ ሐዚ ዝረኽቦ መሃይኡ ተወሲኹ ክኽፈል ብምግባር ወይ ድማ ባጀት ኣብ ዝተረኽበሉ ዝኽፈል ናይ ሓደ ወርሒ ዘይተዓረየ መሃይኡ ክኽፈል ብምግባር ይበረታታዕ።

**ዓንቀፅ ፲፩:- ፍሉይ መተባብዒ ዘድልዮም ኣካላት**

1/ ብኻልእ ሕጊ ንኣካለ ጉድኣት፣ ትሑት ተዋፅኦ ዘለዎም ብሄራትን ደቂ ኣንስትዮን ዝወሃብ መተባብዒ ከም ዘሎ ኮይኑ፣ ካብ ጥቅምቲ 24/2013 ዓ/ም ጀሚሩ ሃለዋትን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት ኣብ ምግዳል ዝነበረ ኣካል ጉዱእ፣ ትሑት ተዋፅኦ ዘለዎም ብሄራትን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ዝግበሩ መንግስታዊ ዉድድራት ስራሕ መሕለፊ ነጥቢ ዝረኸበ እንተኾይኑ ንደቂኣንስትዮ 10 ነጥቢ ንደቂተባዕትዮ -5 ነጥቢ ዝዉሰኽ ይኸውን።

2/ መሕለፊ ነጥቢ ኣብ ዘይጠልቡ ዉድድራት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ /ሀ/ ዝተገለፀ መተባብዒ ነጥቢ ተደሚሩ ዝወዳደር ይኸዉን።

**ዓንቀፅ ፲፪- <u>ኣከፋፍላ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን</u>**

1/ ኣብ ክልልና ብዘጋጠመ ኩናትን ዕፅዋን ክባን ናይ ዳይና፣ ሬጅስትራር ፣ተሽያሚ ጉባኤ ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ወርሓዊ መሃየኦም ካብ ዝተቛረፀሉ ግዜ ጀሚሩ ዝኽፈል ይኸውን።

2/ ኣብ ዞባ ምዕራብን ካልኡት ሓራ ዘይወፃ ከባቢታት ዝተመደቡ ክሳብ ከባቢኦም ሓራ ወፂኡ ናብ ንቡር ቦትኦም ዝምለሱ ናይ ሕሉፍ ይኹን ናይ ቐፃሊ ዘይተኸፈሎም መሃያ ይኹን ካልእ ጥቕማ ጥቕሚ ናይ ዞባ ምዕራብ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ካልኡት ድማ በቢ ዝምልከቶ ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ ኣቢሉ ኽፍሊት ይፍፀም።

3/ ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ፀኒሖ ናይ ጥሮታ ዕድመ ዝሓለፎ ወይ ዝኣኽሎ እንተጋጥሙ ካብቲ ንጥሮታ ዕድመኡ ዝመለኣሉ ዕለት፣ ወርሒን ዓመተ ምህረትን ጀሚሩ ሐዚ እቲ ቅጥዒ ተመሊኡ ክለኣኽሉ ይግበር። ቅድሚ ናይ ጥሮታ መዉፅኢ ዘሎ ግዜ ድማ ኣብ ስራሕ ምስ ዝፀንሐ ዝኽፈሎ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ኣካል ኮይኑ ይተኣናገድ።

4/ ዝኾነ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሽያሚ ጉባኤንሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ካብ ቤት ፍርዲ ለቒቑ ዝርከብ እንተኮይኑ ክሳብ ካብ ስራሕ ዝለቐቐሉ ግዜ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ ፲፫- <u>ብርኪ ስርርዕ</u>**

ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዘሎ ደንቢን መምርሒን ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ስለዘይተመልአ ብርኪ ስርርዕ ንምቕማጥ ኣፀጋሚ ስለዝኸዉን በቲ ደንቢን መምርሒን ክበፅሐ ናብ ዝግበኦ ዝነበረ ብርኪ ስርርዕ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

ስራሕ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ኣብ ግምት ከይአተወ በቶም ኻልኦት ረቛሕታት ብርኪ ስርርዕ ስሩዕ ሕጊ ተመዚኑ  ክስራዕ ብምግባር መሃያ ክኽፈሎ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፲፬፡- <u>ምፍቃድ ክፍሊት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጥቕማ ጥቕሚ</u>**

1/ ብመሰረት መምርሒ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ቁፅሪ-19/2012 ዝኾነ ዓይነት ጥቕማ ጥቕሚ ክፍሊት ክፍፀም ይግበር።

2/ ቆላ ኣበል ኽፍሊት ዝምልከት ብመንግስቲ ናይ ቆላ ኣበል ኽፍሊት ክፍፀመለን ዝተነፀራ ከባቢታት ዝተመደበ ዳይና፡ ሬጅስትራርን ተሽያሚ ጉባኤን ኣብ ዝሃለወ ይሃልዉ ክፍሊት ቆላ ኣበል ክፍፀመሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፲፭፡- <u>ምኽባር መሰል ማሕበራዊ ዉሕስናን ስርዓት ክፍሊት ጥሮታን</u>**

1/ ኣብ ምግዳል ከይዱ ዝተሰዉአ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሽያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ቕድሚ መስዋእቱ ብመርድእ ግልፂ ምግባሩ ዝነበረ እዋን ኣብ ስራሕ ምስ ዝነበረ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ክረክብ ይግበር። መስዋእቱ ካብ ዝተፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ድማ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ- 36/3/ ዝተኣናገድ ይኸዉን።

2/ ካብ ምግዳል ወፃኢ ህይወቱ ዝሓለፈ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሽያሚ ጉባኤን ዝምልከት ቕድሚ ሂወቱ ምሕላፉ ዝነበረ እዋን ኣብ ስራሕ ከም ዘሎ ይተኣናገድ። ህይወቱ ካብ ዝሓለፈሉ ግዘ ጀሚሩ ድማ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ- 36/3/ ዝተኣናገደ ይኸዉን።

3/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ 1ን 2ን ዝተገለፀ ዋላ እንተሃለወ ግዝያዊ ምምሕዳር ወይ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዘውፅኦ መምርሒ ዝያዳ ንበዓል መሰል ዝጠቅም ኮይኑ እንተተረኺቡ ተፈፃሚ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ፲፮፡- <u>ከቢድ ጉድኣት ዝበፅሖ ተጋዳላይ</u>**

ሀ/ ናብ ምግዳል ካብ ዝኸደ ኣካሉ ብሙሉእ ዝተጎድአ ወይ ዝለመሰ እንተሃልዩ ሕቶ ስንብት ካልኦት መሰላት ኣመልኪቱ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ- 36/1/ን/2ን ዝተኣናገድ ይኸዉን።

**ዓንቀፅ ፲፯- <u>ስርዓት ምደባን ዝዉዉርን</u>**

1/ ኣብ ምግዳል ፀኒሑ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዝበፅሖ ወይ ኣብ ሕክምና ክትትል ዝርከብ ተጋዳላይ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሽያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን አብ መንጎኦም ብዝግበር ውድድር እቲ ቦታ ዝጠልቦ ሓይሊ ሰብ መሰረት ብምግባር ክምደብ ይግበር።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

2/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ /1/ ዝተገለፀ ተጋዳላይ ሓጋዚ ዘድልዮ እንተኾይኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ሓጋዚ መዲቡ ስርሑ ክቕፅል ይገብር።

3/ ሓዱሽ ተመዳቢ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዝበፅሖ ወይ ኣብ ሕክምና ክትትል ዝርከብ እንተጋጥም ድማ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ-/1/ን /2/ን ብዝተቐመጠ መሰረት ዝተኣናገድ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ፲፰:- <u>ኣተሓሕዛ ስራሕ ልምዲ</u>**

ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ምግዳል ፀኒሑ ግቡኡ ወዲኡ ናብ ዝነበሮ ስራሕ ዝተመለሰ እቲ ኣብ ምግዳል ዝፀንሐሉ ዕለት፣ ወርሕን ዓመትን ልክዕ ቅድሚ ምግዳሉ ናይ ዝሰርሖሉ ብዝነበረ ስራሕ መደብ መፀዉዒ ይሰርሕ ከምዝነበረ ተሓሳቢ ክተሓዘሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፲፱:- <u>ማህደር ምምላእ</u>**

1/ ማህደር ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ብዝበፅሐ ኩናት ምኽንያት ናይ ኩለን ኣብያተ ፍርዲ ተባሂሉ ብዝግለፅ መልክዑ ዝበረሰ ስለዝኾነ ዘድሊ ምፅራይ እናተገበረ ብቐዳምነት ኩሉ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸየሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ኣብ ኢዱ ዘሎ መረዳእታ ከተሓሕዝን ከማልእን ብምልክታ ብምፍላጥ ካብ ዝሰርሐሉ ቤት ፍርዲ እናተጠርነፈ ብማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ ተጠሙሩ ናብ ጉባኤ ክለኣኽ ይግበር።

2/ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ክርከብ እንተዘይተኻኢሉ እቲ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ቅድሚ ኣብ ቤት ፍርዲ ምቑፃሩ ኣብ ካልእ ትካል ይሰርሕ እንተነይሩ ኣበይ ትካል ይሰርሕ ከም ዝነበረን ክለኣኽ ዝድለ መረዳእታን ብምንፃርን ብምጥማርን ብጉባኤ ኣቢሉ ክሕተተሉ ይግበር። ካብቲ ትካል ዝተገናዘበ መረዳእታ ብምምፃእ ሓዱሽ ማህደር ይኽፈተሉ።

3/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2ን እዚ ዓንቀፅ መረዳእታ ክርከብ ዘይኽኣለ ድማ ናይቲ ዳይና፣ ሬጅስትራር ወይ ተሸያሚ ጉባኤ ናይ ትምህርቲ መረዳእታ ካብ ዝተምሃረሉ ትካል ተገናዚቡ ክለኣኽ ብጉባኤ ኣቢሉ ክቐርብ ምስ ተገበረ ሓዱሽ ማህደር ክኽፈተሉ ይግበር።

4/ ናይ ትምህርቲ ይኹን ካልእ መረዳእታ ዘይተረኸበሉ ድማ ጉባኤ ዉሳነ ክህበሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፳:- <u>ዓመታዊ ዕረፍቲ</u>**

1/ ኣብ 2013 ዓ/ምን 2014 ዓ/ምን ብዘጋጠመ ኩናት ምኽንያት ኣብ ደጀንን ግንባር ዝፀንሐ ተጋዳላይ ዳይናሬጅስትራር፡ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ዓመታዊ ዕረፍቲ ስለዘይወሰደ ብመሰረት እቲ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

ደንቢ ዓንቀፅ-26/8/ን/9/ን በቢ ብርኩ ብዝርከቡ ፕሬዝደንትታት እናተረጋገፀ ናብ ገንዘብ ተቐይሩ ክኽፈል ይግበር፡፡

2/ ኣብ ናይ 2015 ዓ/ም ክረምታዊ ስራሕቲ ኣብ ምግዳል ዝፀንሐ ተጋዳላይ ኣብ ስራሕ ከም ዝፀንሖን ከም ዘይኣፅረፈን ተሓሲቡ እቲ ናይ ዓመት ዕረፍቲ ብማእኸላይ ብገንዘብ ተፀብጺቡ ናይ 2 /ክልተ/ ወርሒ ዘይተፃረየ ወርሓዊ መሃይኡ ይኽፈሎ፡፡

3/ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ እዚ ዓንቀፅ ከም ዘሎ ኮይኑ ኣብ ምግዳል ዝፀንሐ ተጋዳላይ ናብ ስራሕ ኣብ ዝምለሰሉ እዋን ስራሕ ቕድሚ ምጅማሩ ናብ ምድብ ቦትኡ ሪፖርት ምስገበረ ናይ 30 መዓልታት ዕረፍቲ ንክረክብ በቢ ብርኩ ብዝርከብ ፕሬዝደንት ክፍቀደሉ ይግበር፡፡

**ዓንቀፅ ፳፩-** <u>ኣብ ትምህርቲ ፀኒሖም ዝተመረቑን ዘቋረፁን</u>

1/ ኣብ ትምህርቲ ፀኒሑ ዘቋረፀን ተመሪቑ ዝመፀን ናብ ዝነበሮ ብርኪ ስራሕ ክምደብ ይግበር፡፡

2/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ /1/ ዝተገለፀ ትምህርቱ ኣቋሪፁ ዝመፀ ንክቕፅል ድሌት እንተሃልይዎ ምስቲ ናይ ትምህርቲ ትካል ብምርድዳእ ክቕፅል ይግበር፡፡

**ዓንቀፅ ፳፪፡-** <u>ዝተጭበርበረ መረዳእታ</u>

1/ ናይ ሓሶት መረዳእታ ዘቕረበ ዳይና፣ ሬጅስትራር ወይ ተሸያሚ ጉባኤ እንትርከብ ካብ ዝኾነ ምደባ፣ ቑፃር፣ ዝዉዉር፣ ብርኪ ዕቤትን ዉድድርን ዝስረዝ ኮይኑ ብገበንን ጉድለት ስነ-ምግባርን ተሓታቲ ይኸዉን፡፡

2/ ዝተጭበርበረ መረዳእታ ከም ዘሎ እናፈለጠ ኮነ ኢሉ ምደባ፣ ቑፃር፣ ዝዉዉርን ዕቤትን ክፍፀም ዝገበረ ኣካል ብገበንን ጉድለት ስነ-ምግባርን ተሓታቲ ይኸዉን፡፡

**ዓንቀፅ ፳፫፡- ሓፈሻዊ** <u>ኣፈፃፅማ ኽፍሊት</u>

ኣብዚ ዝተመሓየሸ ግዝያዊ መምርሒ ኣብ ዝተጠቐሱ ዋኒናት ኽፍሊት ዝምልከት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ በጀት ሓቲቱ ምስ ተፈቐደ ዝፍፀም ይኸዉን፡፡

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

## ክፍሊ-ሰለስተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ-፳፬ ፡-መሰጋገሪ ድንጋገ**

ኣብዚ መምርሒ ንተጋደልቲ ዝተገበረ መተባብዒ ብካልእ ኣካል ንዝወሃብ መተባብዒ ዝትክእ ኣይኮነን፡፡

**ዓንቀፅ-፳፭፡ - ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕጊታትን ኣሰራርሓታትን**

ኣብዚ ዝተመሓየሸ ግዝያዊ መምርሒ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ነዚ መምርሒ ዝፃባእ ዝኾነ መምርሒ፡ ውሳነን ኣሰራርሓን ተፈፃምነት የብሉን፡፡

**ዓንቀፅ-፳፮፡- እዚ መምርሒ ኣብ ስራሕ ዝዉዕለሉ እዋን**

1. እዚ ዝተመሓየሸ ግዝያዊ መምርሒ ካብ ዕለት 26/05/2016 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን፡፡
2. ተፈፃምት እዚ ዝተመሓየሸ ግዝያዊ መምርሒ ድማ ካብ ዕለት 01/08/2015 ዓ/ም ጀሚሩ ይኸውን፡፡

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገብረተኽለ

ኣካቢ ምምሕዳር ዞባዊ ክልል ትግራይ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ